**ግደ ደቀንስትዮ ኣብ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ፡**

ብረታዊ ቃልሲ ምስ ጀመረ ኣብ በረኻ፡
ዘተባብዕ ኣይነበረን ንተሳትፎኣ፡
ዓጋቲ'ዩ ኔሩ ባህላዊ ማሕለኻ።

ንሳ ግን ብጉዳይ ሃገር ውሽጣ ሓሪራ፡
ስቕ ኣይበለትን ኣእዳዋ ኣጣሚራ፡
ክትውደብ መረጸት ንስለ ሃገራ።

ኣብ ውሽጢ ከተማ ልዕሊ ዓቕማ ጌራ፡
ተቐጥቂጣ ተገሪፋ ተኣሲራ፡
ተረሺና ሂወታ ከፊላ፡
ማርያም ግቢ ኣላ ምስክር ባዕላ።

*መሪሕነት ገድሊ ኩሉ ምስ መዘነ፣*
*ኣብ ተባዕታይ ጥራሕ ከይተወሰነ፣*
*ኣብ ብረታዊ ዕጥቂ ተራኣ ኣመነ።*

*ደቂ ኣንስትዮ ወሓዛ ናብ ሜዳ፣*
*ጎኒ ጎኒ ኣሕዋተን ኾናት ከካይዳ፣*
*ታዕሊም ተጀመረ ኣብ ዓራግ ርብዳ።*

*ቃልሳ ጀመረት ምስ ሰለስተ ተጻረርቲ፣*
*ዝምድና ዘይብሎም ኣዚዮም ተረሓሓቕቲ፣*
*እንታይሞ ክትገብር ኮይኑ ናይ ኣምላኽ ትዕድልቲ።*

*ቀዳማይ ቃልሲ ምስባር ኣሮዑት መግዛእቲ፣*
*ካልኣይ  ምስ ባህርያዊ ስልቲ፣*
*ሳልሳይ ኮነ  ምስ ጾታዊ ትምኽሕቲ።*

*ኣንተኾነ ነዚ ኩሉ ጸራ፣*
*ተሰፋ ስንቃ ሓቦ ድራራ፣*
*ትምርሽ  ምእንቲ'ዛ ባንደራ።*

*ኣብ ጊዜ ኹናት ትሓንን ከም ነብሪ፣*
*ትስጉም ትግደም ለይቲ ይኹን ቀትሪ፣*
*ቡንባ ትማርኽ ወተሃደር ደርጊ ባህራሪ።*

*ግን ከኣ ለዋህ ፍሉይ ፍጥረታ፣*
*ተጻናንዕ በቲ ልስሉስ ቃላታ፣*
*ኹሹኽ ቀዲዳ ትጅንን ዉጉኣታ።*

*ድሕሪ ኹናት የብላን ዕረፍቲ፣*
*ዝደኸሙ ብጾታ ማይ ከተስቲ፣*
*ዝተቀደ ክዳን ክትልግብ ሓንቲ ብሓንቲ።*

*ኣብቲ ጊዜ ጥሜት ግዜ ሰእነት፣*
*ቆጽሊ ወዲ ቆጽሊ ሸማጢጣ  ብጾታ ዝዓንገለት፣*
*ሳላ ህርኩትናኣ ትንፋስ ዘውዓለት።*

እዛ ጅግና ሰራሒት ቅያ፣
ኣበይ ተማሂራቶ እዚ ኩሉ ጉያ፣
ሃገር ክትብል ንእስነታ ወፍያ።

ኣብ ግዜ ኹናት ምስ ኮነ ጥምጥም፣
ቡምባ ሒዛ ጸላኢ ትሃጅም፣
ታሪኽ ትፍጽም እናሻዕ ዘሰደምም።

መውጋእቲ ትቅበሎ ብታሕጓስ ብደስት፣
እልልታ ትድርግም ተሰንቅ ሞራል ብጾታ፣
<u>ኤረ ሴት ነች</u> ክሳብ ዝብሉ ጸላእታ።

ባህሪ ዝፈጦሮ ጸገም ከይሓንኮላ፣
ህጻን ኣብ ማህጸና ዘርኢ ተኺላ፣
ትስዋ ትፍለ ጉቡኣ ኣእኪላ።

ምዮ ህጻን ዜይኮነ ዕድለኛ፣
ንሱ ይቕበር ኣብ ውሽጢ ማህጸና፣
ንሳ ትሰፍር ኣብ ቦታ ሓርበኛ።

እታ ሰንኪላ ዓዲ ዝኣተወት፣
ማህጸና ነቒጹ ውላድ ዝሰኣነት፣
ዓወት ንሓፋሽ ትብል እናደጋገመት።

ዕድሚኣ ኣኺሉ ድቒ ዘይሓዘት፣
ዓመታት ኣቐጺራ በይና ምስኮነት፣
ዝሓለፈ ዘየጣዕሳ ፈጺማ ዝመነነት።

ዕድል ጌራ ውላድ ዝረኸበት፣
ግን ብዝቐበጸ ብጾታ ዘይቅሰት፣
ንሳውን ዘርኣ ሂባ ንሃገር ልዕላውነት።

ክብሪ ንሃማደአ
ነባሪ ዝኽሪ ንሰማእታትና
ዓወት ንሓፋሽ
ገብረንጉስ መስመር